# ኣፈርከቡ ህግደፍ!

ብድምጺ ንምስማዕ:-
ኣብዚ ጠውቑ

"ንኤርትራ ዘይፍትሓዊ ስጉምቲ ብሓያላን ሃገር እንዳተወስደላ፡ ክንከላኸል ግቡእን ሃገራዊ ሓላፍነትና እዩ።" እዚ፡ ቃል ብቓሉ ካብቲ ልኡኻት ምልኪ፡ ህይወት መላኺኦም ንምድሓንን ስቅያት ህዝብና ንምቕጻልን ዝጥቀሙሉ ዘለዉ ናይ መደናገሪ ቃላት ዝተወስደ'ዩ።

ንኤርትራ ሃገርና ዝተወስደላ ስጉምቲ ግን ኣሎድዩ!? ገለ ህዝቢ ዘይፈልጦ ዚውሰድ ስጉምቲ ደኣ ከይህሉ? ከምኡ እንተ ኮይኑ ደኣ'ሞ እዚ ናይ ርድኡና ጽሑፍ ደኣ ናብታ ንመሰል ኤርትራውያን እትጣበቕ ዘላ ኮሚሽን (commission) ሰብኣዊ መሰላት እንድዩ ዚለኣኽ ዘሎ! ስለምንታይ ግን ህግደፋውያን እዚ ክሲ ኣብ ልዕሊ ኢሳያስን ስበ-ስልጣናቱን ዝቐረበ ክሲ ክነሱ ናብ ሃገረ ኤርትራ ከም ዝቐረበ ጌሮም የቕርቡዎ ኣለዉ!? ኣሃ! እቲ ምኽንያት ሕጂ ተረዲኡኒ፡ ህዝቢ ብዛዕባ ነብሱን ሃገሩ'ምበር ብዛዕባ ጉጅለ ህግደፍን መራሒኡን ከምዘይግደስ ስለ ዝፈልጡ'ዮም ስምዒት ህዝቢ ንምትንካፍ፡ እቲ ክሲ ናብ ሃገር ዘጽግዑዎ ዘለዉ!

ስርዓት ህግደፍ፡ ነቲ ሕጂ ብግድን ብውድን ኣኪቡ ኪጥቀመሉ ዚደሊ ዘሎ ናይ ኤርትራውያን ፊርማታት፡ ነቲ ብመርማሪት ኮሚሽን ውድብ ሕቡራት ሃገራት፡ ኣብ ልዕሊኡ ዝወረደ ናይ ኤርትራውያን ግዳያት ክስታት፡ ከምኡውን እታ ኮሚሽን፡ ኣብ ኤርትራ ኣትያ ነቲ ሓቂ ከይተጻርን ንምዕቃፍ ዚዓለመ እዩ። እወ፡ እቲ ንልዕሊ ርብዒ ዘመን ብምስጢር ዝተታሕዘ፡ ገበን ማእሰርትን ቅትለትን ጉጅለ ህግደፍን መራሒኡን ኪቃላዕ ስለ ዚጀመረ፡ ናይ ህይወት ኣድሕን ጎስጓስ ጉጅለ ህግደፍ ኣብ ልዕሊ'ቲ ግዳይ ህዝቢ ብጻዕቂ ኪካየድ ጀሚሩ ኣሎ።

እዚ ጉጅለ ፈያት (ሽፋቱ) እዚ ግን ከመይ ዝበለ ድፍረትን ንዕቀትን ህዝቢ'ዩ ዘሎዎ!? ንኣይ ቅድሚ ዓሰርተ ዓመት ክልተ ኣሕዋተይ ካብ ቤቶም ተጨውዮም ምስ ተወስዱ፡ ክሳዕ ለይቲ ሎሚ ኣብዚኣ ኣትዮም ዘይብሉ ዝጠፍኡኒ ሰብስ፡ 'ኣብ ኤርትራ ብዘይሕግን ፍርድን ዝተኣሰረ ሰብ ከምዘየለ መስክር' እኮ'ዮም ኢሎሙኒ!? እዋእ! ኣንቱም ሰባት ብጥዕናኹም ዲኹም!? ኢለ ብስንባደ ሓቲተዮም! ወረ ናይ ኣሕዋተይስ ንሕና ስድራኦምን ጎረባብትናን ጥራይ ስለ ንፈልጥ ይጽናሕ፤ እቶም ሃገር ምሉእ ዝፈልጦም፡ ኣብ 2001 ዓመተ ምህረት ብኣልማማ ዝተኣሰሩ፡ ሰበ-ስልጣን መንግስቲ ነበርን ጋዜጠኛታትንከ ብሕግን ፍርድንድዮም ተኣሲሮም ዘለዉ!? ብዓብይኡኸ ኣብ ሃገርና ከምዚ ትብሉዎ ዘለኹም ገነት እንተልዩ ደኣ ኣነ ኣብዚ፡ ኣብ ስደት እንታይ ይገብር ኣለኹ!? ንምንታይ ኣብታ ከም ምድረ-ገነት ትገልጹዋ ዘለኹም ሃገረይ ዘይነብር!?

ህግደፋውያን፡ 'ህዝቢ ኤርትራ ንሓድሕዱ ይቃተል ኣሎ!' ዚብል ቃል ኮሚሽን ሰብኣዊ መሰላትከ ኣበይ ምስ ረኣኹም ኢኹም 'ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ንሓድሕዱ ናይ ምቅትታል ባህሊ የብሉን' ኢልካ መስክር ትብሉኒ!? ህዝቢ ኤርትራ ሰብ ቀቲሉ ዝበለ ሰብ ኣሎድዩ!? ኣነ ኣይሰማዕኩን! ደሓን፡ ወረ ደሓን'የ ዚብለኩም፡ ኣብ ኤርትራ ግህሰት መሰል ሰብ የለን ኢለ ንምምስካርሲ ንምንታይ እየ ብምስጢር ዝገብሮ!? ሓቂዶ ኣይኮንኩን'የ ክምስክር ዝሕተት ዘለኹ!? 'መንግስቲ ኤርትራ ንመሰል ደቂ ኣነስትዮ ዘውጽኦ ሕግታትዶ በልኩም!' ህግደፍ ዘይተግበሮ'ምበር ህግደፍ ዘየውጽኦ ሕጊ ደኣ ኣሎድዩ!?

'ኣብ ሕብረተሰብና ዘሎ ክብሪ ጓል ኣንስተይቲውን ጥቐስዶ' ኢልኩም? ነዚ ክብሪ'ዚ ደምሲስኩም ንደቂ ኣንስትዮና ከደምቲ ሰበ-ስልጣን ምልኪ ምስ ገበርኩመንዶ ኣይኮናን ኣቤት ዝበልና ደኣ!? እወ ምዕማጽ ጓል ኣንስተይቲ ኣብ ሕብረተሰብና ቅቡል ኣይኮነን! ነውሪ'ዩ! ከም ብዓል ጀነራል ፊሊጶስ ወ/ዮውሃንስ (ነቕዝ)፡ ሜጀር ጀነራል ተኸላይ ሃብተስላሴ፡ ሜጀር ጀነራል ነፍስሄር ገ/ሄር ዓንደማርያም (ውጨ) ወዘተ. ዝኣመሰሉ ሰበ-ስልጣን ህግደፍ፡ ብወሰን ካብ መንእሰያት ሃገራዊ ኣገልግሎት ምውላደምከ ዓመጽዶ ኣይኮነን'ዩ!? ኣብዞም ነውሪ ዘይፈልጡ ጉጅለ ህግደፍ ግን ንቡርን ቅቡልን'ዩ! 'ኣብ ሃገራዊ ኣገልግሎት (ሃገራዊ ባርነት) ተሳቲፍካ ንህዝቢ ዘርብሕ ከም ዚሰራሕካ መስክርዶውን' ኢልኩሙኒ! ብሃገራዊ ኣገልግሎት ህግደፍ፡ ህዝቢ ዝተጎድአ'ምበር ህዝቢ ዝረብሖ እንተልዩ እስከ ንስኻትኩም ባዕልኻትኩም ጥቀሱለይ?

'ህዝቢ ኤርትራ ብባህሪኡ ናይ ምቅትታል ባህሊ ከምዘይብሉ ግለጽ' እውን ተባሂለ። ወይ ጉድ! ብርግጽ ህግደፍን መራሒኡን'ምበር ህዝቢ ኤርትራ ሰብ ናይ ምቅታል ባህልን ልምድን የብሉን! ዘይነበረዶ ሕጂ ኪመጽእ ኮይኑ! 'ኣብ ኤርትራ ሰላምን ርግኣትን ከም ዝነገሰ ግለጽ' እውን ኢልኩሙኒ። ሰላምን ርግኣትን ህግደፍ ብምንታይድዩ ዚዕቀን!? ኣብ ኤርትራ ሰላምን

ርግኣትን እንተልዩ ደኣ'ሞ ህዝቢ እንታይ ኮይኑ'ዩ ብለይትን ብቐትርን ጻኢቱ (ብጃምላ ተሰዲዱ)፡ ኣብ ኢድ ሓረድቲ ሰብ ዝወድቕ ዘሎ!? ስቅያትድዩ ናፊቑ!?

'ኤርትራውያን ዘይኮኑ ብስም ኤርትራውያን ዕቑባ ዝሓቱ ትፈልጦም ሰባት ኣጋልጽ' እውን ተባሂለ። ዘይኤርትራዊ ብስም ኤርትራዊ ዕቑባ ዘሕትቶ ደኣ እንታይ ምኽንያት ኣሎዎ!? ኣብ ኤርትራ እንታይ ስለ ዘሎ'ዩ!? እቲ መልሲ ሕጂውን ንካድራት ህግደፍ'ዩ።

'ህዝብን መንግስትን ተሳንዩ እናተመላልአ ከም ዚኸይድ መስከር!' እዋእ! ምስየናይ መንግስቲ ክሳነ!? ኣብ ኤርትራ መንግስቲ ኣሎድዩ!? ኤርትራ ሃገርና መንግስቲ እንተ ዝህሉዋ ደኣ ስለምንታይ ኤርትራዊ ኣብ ዝኸዶ ሃገር ሓታቲ ዘይብሉ ይዕመጽ፡ ይሸየጥን ይቕተልን ኣሎ!? 'ህዝቢ ዝኾነ ይኹን ናይ መሰል ግህሰት ምስ ዝርኢ፡ ንዚምልከቶ ኣካል ከም ዚሕብርን ከም ዝእረምን መስከር' እውን ተባሂለ። እዋእ! ኣንታ እንታይ ኢና ንሰምዕ ዘለና! ውላደይ ወይ ወላድየይ መሰሉ ተጋሂሱ ኢልካ ምሕታት ንባዕሉ ገበን ምኳኑ ዘይፈልጥ ኤርትራዊ ኣሎድዩ!? ወረ እንታ'ዮም ሓሲቦሙና!? ኣንታ ልቢ ኣዕቢና ትም ኢልና'ምበር ጽቡቕን ሕማቕን እንፈሊ ሰባት እኮ ኢና!

'መንእሰይ ኤርትራ ግዳይ ገበነኛታት ንግዲ ሰብ ከም ዘኾነ መስክር' ከኣ ኢልክሙኒ። ወይለይ! ቀንዲ መኽሰሲ ጉጅለ ህግደፍ ደኣ ንሱዶ ኣይኮነን'ዩ!? ካብ ማእከል ኣስመራ ብልዕሊ ሓሙሽተ ሽሕ ዶላር ኣመሪካ ብላንድክሮዘር ናብ ሱዳን ዘእትዉ ዘለዉ ነገድቲ ደቂ ሰብ ብዓል መንድዮም!? ምስ ራሻይዳን በደዊኒን ተሓባቢሩ ህዝቡ ብምሻጥ ዶላራት ዝእክብ ዘሎ መንድዩ!? ጀነራላት ሓለውቲ ምልኪዶ ኣይኮኑን'ዮም!?

'ብዛዕባ ነገድቲ ሰባት እትፈልጦ ጥቐስ!' ንሱ ስለ ዝጠቅስናዶ ኣይኮነን ገበነኛታት ናብ ሕጊ ንኽትቀርቡ ማሕበረሰብ ዓለም ዝጽውዕ ዘሎ!? እቲ ህይወትና ንምሽማት እንሕተቶ ገንዘብ ኣብ ኤርትራዶ ኣይኮናን ንኸፍሎ ዘለና!? 'ንነገድቲ ደቂ ሰባት ብመንግስቲ ዝተወሰደሎም ስጉምቲ ግለጽውን' ኢልኩሙኒ። ኣየናይ መንግስቲ!? ኣብ ኤርትራ መንግስቲ ኣሎድዩ!? መንግስቲ እንተ ዝህሉ ደኣ ህዝቢ ብሰላም ቀሲኑ ምስ ደቁ ተሓቛቚፉ ዘይነብር!? ንምንታይ ፋሕጭንግራሕ ይብል ኣሎ!?

'ኣብ ናብራን ህይወት ህዝቢ ዘሎ ዝተፈላለየ ምዕባለታት ግለጽ!' እዋይ መስሓቕ ዘረባ! ኣየናይ ምዕባለ!? ኣንታ ነዛ ሃገር ደኣ ሰብ ብዘይሪኦ ብትሕቲ መሬት የማዕብሉዋ ከይህልዉ! ህዝቢ ኤርትራ እታ ቅድሚ 25 ዓመት ዝረኸባ ዝነበረ ረዲኤት'ኳ ስኢኑ፡ ብጥምየት ተዓጺፉ እናሓደረስ ምዕባለን ዕብየትን ከኣ ርእዩ!? ኣቤት ዓዘራ! ማይ የለ! መብራህቲ የለ! ሕክምና የለ! ምምሕዳር የለ! ፍትሒ የለ! ብዘይካ ከም ኣድጊ ዘዝተጻዓንካዮ ሸኽም ናብ ዝደለዩዎ ከብጽሕ ካልእ እንታይ ዝረኸቦን ዝረኣዮን ኣልዩ'ሞ ብዛዕባ ምዕባለን ዕብየትን ክንዛረብ!? ሸኽመይ ከቢዱኒ ኪትብል'ኳ ዘይፍቀደልካ! መዐቀኒ ምዕባለ፡ ዒላታት ምዅዓትን ኣብ ሩባታት ውሕጅ ምኽታርን እንተኾይኑ ግን እወ ቀሩብ ማዕቢልና ኣለና! ምኽንያቱ፡ ዋላውን ኣብ ጥቕሚ ኣይውዓል ዝተሰርሐ ዲጋታትስ ንርኢ ኣለና ኢና! ንዘሎ የለን ኪብሃል ኣይከኣልን'ዩ!

'ምጽባብ ጋግ ኣብ መንን ከተማን ገጠርን መስከር' ትብል ኣገራሚት ትእዛዝውን ቀሪባትለይ። እዚኣስ ዘይትከሓድ ሓቂ ስለ ዝኾነት፡ ነፍሲ ወከፍ ሕልና ዘሎዎ ይኹን ዘይብሉ ኤርትራዊ ብዘይኣፈላላይ ክምስክራ'ዩ! ብርግጽ ጉጅለ ህግደፍ ኣብ መንን ከተማን ገጠርን ዘሎ ፍልልይ ብምጽባብ ተዓዊቱ'ዩ! ብዘይቀለዓለም ንኽልቲኡ ማዕረ ጌሩዎ'ዩ! ምኽንያቱ፡ ሎሚ ከተማታት ኤርትራ፡ ልክዕ ከም ገጠራት ኤርትራ ጸላም ውሒጡወን ስለ ዘሎ፥ ቀረባት ማሕበራዊ ናብራውን ልክዕ ከምቲ ኣብ ገጠር ብሰኽም ሰብ ይኹን ብመጽዓኛ ማይ ይጓረት ስለ ዘሎ፤ ማለት፡ ኣብ ከተማውን ደድሕሪ ቦጥ እናንየኻ ብጀሪካንን ብዓረብያ ፈረስን ምጕራት ኣሎ፥ ሓድጊ መግዛእቲ ዝኾነ ዲማ (ጥንታዊ ህንጻ) ህንጻ ከተማትታ ኤርትራ፡ ብእርጋን ዓንዩን ተደዊኑን፡ ጽርግያታት ተፋሓሒሮም ናብ ሓመድ ተቐይሮም ስለ ዘለዉ፡ ኣብ መንን ገጠርን ከተማን ብርግጽ ፍልልይ የለን! ኩሉ ገጠር ኮይኑ'ዩ! ስለዚ፡ ከተማን ገጠርን እወ፡ ተማዓራርዩ ኣሎ!

**ኣብ ካልኣይ ክፋል ይቕጽል-** [ኣብዚ ጠውቑ]

በትሪ ሓቂ ትቕጥን'ምበር ኣይትስበርን'ያ!
ኤርትራና ክሓልፈላ፡ ስርዓት ምልኪ ንእለየላ!
ካብ ሓውኹም መሲናስ 10/01/2016




[ኣብዚ ጠውቑ]